ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታትን ሰብኣዊ ጉዳያትን

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
مكتب العلاقات الخارجية والشؤون الإنسانية

Eritrean National Council for Democratic Change
Foreign Relations & Humanitarian Affairs Office
encdc.frha@gmail.com

# ጋዜጣዊ መግለጺ

## ብዛዕባ ምፍራም ስምምዕ ሰላም ኣብ ኢትዮጵያ ብዝምልከት።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባዲለ)፡ ኣብ መንጎ ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን "ስምምዕ ቀዋሚ ሰላምን ምቁራጽ ተጻብኦታትን" ብምፍራሙ ብዓቢ ሓጎስ ተቐቢልዎ። ኤሃባዲለ ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ንኽልቲኦም ወገናት፡ ከምኡ'ውን ንሕብረት ኣፍሪቃን ኩሎም መንጎኛታትን፣ እዚ ታሪኻዊ ስምምዕ'ዚ ንጠቕሚ ኣህዛብ ኢትዮጵያ ከንጸባርቕ ዝኽእል ብኽልቲኦም ወገናት ዝተወስደ ተባዕ ስጉምቲ ብምዃኑ፡  እንቋዕ ሓጎሰኩም ብምባል፡ ኣብ ኣተገባብርኡ ብዓወት ንኽፍጸም፣ ኤሃባዲለ ዘለዎ ልባዊ ትምኒት ይገልጽ።

ብ3 ሕዳር 2020 ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኩናት ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ፡ ኤሃባዲለ ክልቲኦም ወገናት ውግእ ብቕጽበት ደው ኣቢሎም ናብ ዘተን ልዝብን ንኽምለሱ ከም ዝጸወዐ ዝዝከር ኢዩ። ኢትዮጵያውያን ተጋሩን፣ ዓፋርን ኣምሓራን ቀጥታዊ ግዳይ ናይ'ዚ ኩናት ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ ሳዕቤናት እዚ ውሽጣዊ ኩናት ኢትዮጵያ'ውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘንጸላለወ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኣብ መደበር ስደተኛታት ተዓቑቦም ዘለዉ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኣዚዩ ሓደገኛ ኩነታት ከም ዘብጸሖም ዝተፈልጠ ኢዩ። ምኽታሞ ስምምዕ ሰላምን ምቁራጽ ተጻብኦን፡ ብሰንኪ'ዚ ትርጉም ኣልቦ ኩናት ዝተሃሰዩ ከባቢታት፡ ከምኡ'ውን መደበራት ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያን፡ ህጹጽ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይ ወዓል ሕደር ክበጽሖም ዓቢ ተስፋ ንገብር።

ዋላ'ኳ እቲ ዝተኣወጀ ስምምዕ፣  ጉዳይ ምስሓብ ኣካል ናይቲ ግጭት ዝነበረ ወትሃደራዊ ሓይልታት ኤርትራ ካብ መሬት ኢትዮጵያ ዘየጠቓለለ ብግልጺ እንተ ዘይተጠቕሰ፡ ስርዓት ኤርትራ ብህጹጽ ሓይልታቱ ካብ ኩሉ መሬት ኢትዮጵያ ከውጽእ፡  ጣልቃ ምእታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያውያን ደው ከብልን ኣትሪርና ንሓትት። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፡ ኤሃባዲለ፡ ኢድ ምትእትታው ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጣዊ ግጭት ኢትዮጲያ ብተደጋጋሚ ክኹንኖ ጸኒሑ ኢዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ነዚ ኣፍደገ ሰላም ዘርሓወ ታሪኻዊ ዕድል ተጠቒሙ፡ ብመሰረት እቲ ብ12 ታሕሳስ 2000 ዝወጸ "ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ"፡ መንግስቲ ኢትዮጵያን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምሕንጻጽ ዝሕግዙ ስጉምትታት ብቕልጡፍ ክወስዱ ይጽውዕ።

ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ከምኡ'ውን ኣህዛብ ኩለን ሃገራት ዞባና ብደረጃ ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ይኹን ኣብ መንጎ ኩሎም ተዳወብቲ ኣህዛብ፣ ብጉርብትናን፣ ዝምድናን፣ ሕውነትን ዝተኣሳሰሩ ኣህዛብ ኮይኖም፣ ብሰላምን ስኒትን ክነብሩ ይግበኦም። በዚ መሰረት ከኣ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ዝነብሩ ኣህዛብ ይኹኑ ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ኣህዛብን፣ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ኣብ ሃሃገሮምን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ሰላምን ስኒትን ንምርግጋጽ ክጽዕሩ ዕዙዝ ተደላይነት ኣለዎ። ካብ'ዚ መትከላዊ ራእይ'ዚ ብምብጋስ፣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ነቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ መንጎ ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝተኸተመ "ዘላቒ ስምምዕ ሰላም" ዘለዎ ናእዳን ደገፍን ይገልጽ።

ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታትን ሰብኣዊ ጉዳያትን

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ

3 ሕዳር 2022 ዓ.ም